


# ስርሒት ፈንቕል ጨራ ምሉእ ብርሃን




ኣዘንትውለይ'ባ! እቲ ናይ ትማሊ ወዕሎ
ሓወልቲ ታሪኽ ሓበን ከርስኺ ዝደጎሎ
ገለ በሊ : ሲጋለት ቀጣን ንህላዌና ዘምስከሮ
ናይ ዳዊትን ጐልያድን ጸምዶ : ናጻነትና ዝወለዶ :
ሲጋለት ቀጣን! ኣዘንትውለይ ልክዕ ልክዑ
ተጋዳላይ ናባኺ ከምርሽ : እንኮ ጽንዓት ተኸልኪሉ
ወዲ ኣዳም ከንሱ ንሓዲ ን ዘምከኽ ብኣካሉ
ታሪኽና ብኣኺ'ዶ ኣይኮነን ዝገረመ ተኺሒሉ :
ህላዌና ንምጥፋእ ዝደጋገም ዘይቅዱስ ኪዳን
ከምሕሱም ዳምዳም ንክርቢትን ላምባን
ከርሲ ዘጣመሮ ናይ ናጽነት ብርሃን
ዉሉድኪ'ዩ ተሰዊኡ ንዓኺ ንምድሓን :
ተደብዩ ንሓዋሩ : ቆፎ መግዛትን ዕንደራን
በቲኽኪዮ ቀለቤት : ተንኮልን ሽሕጣንን
ኣበሲርክና ብስራት ናጽነትን ብርሃንን
ካልእ የሎን ዝኾነልኪ ቀለምን ማህደርን
ውሉድኪ'ዩ ! ህያው ባይቶን ፈራድን :
ሲጋለት ቀጣን! ሃየ ተዛረቢ ውዕሎ ናይ ትማሊ
ሃገር ሎሚ ርስቲ ኣማን ናይ ህዝቢ
ገዝሚ ክብሪ : ሰፍራ ሕሩያት እንዲኺ
ዓምቢቡ በሊት እቲ ናይ ሓቂ ሕርያኺ :
ውሽጥኺ ዝበርህ ረዚን ዝዕያሩ ሓይልኺ
ለበዋ ጀጋኑ እዩ ነይሩ ከብቅዕ ጸገምኪ
ኣብ ዚ ርህው እዋን ትፍተዊ ፍትውቲ :
ዝተዓመ ዕዮ ቅድምን ድሕሩን
ሂወት ዝተጸፍዮ ንምህርትን ንዓእቱን
ብመስዋእቲ'ዩ ሓውዩ ኣይመስለንን ብጸሎትን ጸናጽልን
ናሓዋሩ ተደብዩ! ዛንታ ቅትለትን ቅብጸትን :
ዋሕዚ መትንታትኪ ቀይሕ ደም ዝሕብሩ
ንጹህ ምስጢሩ ፈለግ ታሪኽ ጀጋኑ ጸይሩ
መስዋእቲ ናይ'ቲ ጅግና`ዩ ምንጪ ጽባቐኡ :
ጅግና`ዩ ጸዓት ኣካላትኪ ዘውዲ ህላዌኺ
መኸተ ህዝብኺ'ዩ ዝነድቖ ብራኸኺ
ሓለፋ ኩለን : ልዕልቲ ተሰሚኺ
ኣፍ ኣውጺእኪ : ገለ'ባ ሕሾኽ በሊ
ኣንፈት ቀጻልነትይ መንገደይ ከለሊ
ዓወት ንሓፋሽ !

ብመድሃኔ ተስፋኣለም : 09.02.2016 ዝኽሪ ንስርሕት ፈንቅል